# ዝምድና ኤርትራን ሱዳንን
# ድሕሪ ምፍታሕ ጒዳይ ምብራቕ ከመይ'ዩ ክኸውን?

ቤት ጽሕፈት ዜና
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
18.10.2006

ምፍታሕ ጒዳይ ምብራቕ ሱዳን ኣብ ዶባት ናይ ክልቲኣን ሃገራት ጸጥታዊ ቅሳነት ከሰፍን፡ እዚ ድማ ብተራኡ ንጠለባት ልምዓት ናይ ህዝቢ ምብራቕ ሱዳን ዘረጋግጽ ፖለቲካዊ ርግኣት ከስዕብን ትጽቢት ዝግበረሉ ጒዳይ ኢዩ። ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ ውሽጢ መሬት ኤርትራ ወተሃደራዊ ንጥፈታት ናይ ተቓወምቲ ውድባት ሱዳን ክካየድ ብምፍቃድን፤ ኣብ ዝካየድ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ሰራዊት ኤርትራ ብቕሉዕ ኣብ ጐድኒ ተቓወምቲ ብምስላፍን፤ ነቲ ናብ ደረጃ ብረታዊ ጐንጺ ዝበጽሐ ፖለቲካዊ ቅልውላው ሱዳን ኣብ ምብላሕ መሰረታዊ ዝኾነ ተራ ከምዝተጻወተ ዝፍለጥ ኢዩ። ስርዓት ኤርትራ ውን እንተኾነ ነዚ ኣሉ ዝብሎ ኣይኰነን። ብኣንጻሩ፡ እቲ ስርዓት፡ ነቲ ንተቓወምቲ ውድባት ሱዳን ዝገብሮ ደገፍ፡ ከም ኣምሳያ ናይ'ቲ ህዝቢ ሱዳን ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት ዝገበሮ ደገፍ ገይሩ ከምዝርእዮ ክገልጽ ኢዩ ዝስማዕ።

ብርግጽ፡ ህዝቢ ሱዳን ኣብ ጐድኒ ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ደው ብምባል ዝገበሮ ደገፍ ብህዝቢ ኤርትራ ክምጐስን፤ ህዝብና ፍሉይ ሕውነታዊ ፍቕሪ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሱዳን ክሓድሮን፤ ነዚ ፍቕሪ'ዚ ኣምሳያኡ ዝኸፍለሉን ጽቡቕ ኣጋጣሚ ክረክብን ሃረር ከምዝብል ዘጠራጥር ኣይኰነን። ኣብ ክንዲ'ቲ ንልምዓትን ህንጻን ወዲ ሰብ ዝዕንቅጽ ስርዓት ኢሳያስ ንዓሰርተታት ዓመታት ክኽተሎ ዝጸንሐ ፖሊሲ ናይ ፈንጂታት ምቕባርን ወጥርታት ምፍጣርን፡ ህዝብና ንረብሓ ናይ ክልቲኡ ኣህዛብ ዝውዕል ሰላምን ዝምድናን ንምንጋስ'ዩ ሃንቀው ከም ዝብል ዘካትዕ ኣይኰነን።

ኣብ'ዚ ክለዓል ዘለዎ ነህዛብ ክልቲኡ ሃገራት ክሻቕል ዝጸንሐ ቅኑዕ ሕቶ እምበኣር፡ ስርዓት ኤርትራ ነቲ ክኽተሎ ዝጸንሐ ናይ ዕንወት ፖሊሲ ክእርምን፤ ንረብሓ ናይ ክልቲኡ ኣህዛብ ዝውዕልን ሰላምን ርግኣትን ዘረጋግጽን ስትራተጂካዊ ዝኾነ ሕውነታዊ ዝምድና ንምፍጣር ድልውነት ኣለዎ'ዶ? ወይስ ካብ ቍጠባዊ ቅልውላውቱ ንምውጻእ ኢሉ ንሱዳን ንውሱን ግዜ መዝሚዙ፡ ከም ልማዱ ኣብ'ቲ ዝነበሮ ናይ ዕንወት ፖሊሲታቱ ክመልስ'ዩ ዝብል ኢዩ።

ኣብ ተገላባጥን ተበላጽን ባህርያትን፤ ከምኡ ውን፡ ኣብ ጒዳይ ሰላምን ዲሞክራስያዊ ለውጥን ዘለዎ ኣሉታዊ መርገጻትን ናይ'ቲ ስርዓት ብምምርኳስ፤ ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ ኵሉ ዓቢ ይኹን ንእሽቶ ጒዳያት ሱዳን ከም መንጐኛ ኰይኑ ብስምዒት ከነጥፍ ምፍታኑ፡ ብዛዕባ ሓቀኛ ድሌታቱ ጥርጠራ ዘየሕድር ኣይኰነን።

ጒዳይ ሰላም ነንሓድሕዱ ዝማላላእ ደኣ'ምበር ዝከፋፈል ስለዘይኰነ፡ እቲ ንኤርትራ ብሓጺናዊ ጭቆና ዘመሓድርን፤ ንፖለቲካዊ ህይወት ብሒቱን፤ ነቲ ውሱን ዓቕምታታ ኣብ ውግኣት ዝጽንቅቕን፤ ከም ውጽኢቱ ማእለያ ዘይብሎም መንእሰያት ንስደት ክውሕዙን ዝገብር ዘሎ ስርዓት ኢሳያስ ኣፍወርቂ ሰላምን ዕርቅን ኣብ መንጐ ኣህዛብ ጐረባብቲ ሃገራት ከምጽእ ኢልካ ክትጽበዮ ዘይከኣል ኢዩ።